# መንግስቲ ምስፍሕፋሕ ዓይነተ ቫይረስ ኦሚክሮን ኣብ ኖርወይ ንምድኑዓይ ስጉምትታት የተኣታተዉ።

## እዚ ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ ኦሚክሮን ናብ ሃገርና ከመጽእ ከሎ ናህሩ ንኽነዝሕሎ ብዝሕ ዝበሉ ስጉምትታት ነተኣታቱ ኣለና።

– ዓይነተ ቫይረስ ኦሚክሮን ካብ ዓይነተ ቫይረስ ደልታ ዝያዳ ተመሓላልፍነት ክህሉዎ ዘለዎ ተኽእሎ ልዑል እዩ። ክሳብ ሕጂ ኣብ እዋን ለበዳ ብዝደለብናዮ ተመኩሮታት ዝያዳ ተመሓላልፍነት ዘለዎም ሓደስቲ ዓይነት ቫይረሳት ክመጹ ከለዉ ኖርወይ ዘጠቓለለ ናብ ኩለን ሃገራት ከምዘስፋሕፍሕ እዩ። ኣብ ኖርወይ ምስፋሕፋሑ ቫይረስ ንኽነዳናጉዮ ሕጂ ብዝሕ ዝበሉ ኣድማዕቲ ስጉምትታት ነተኣታቱ ኣለና ትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ቫርኮል።

እቶም ሓደስቲ ስጉምትታት እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- እቶም እወታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ዘርእዩ ኸኣ ብዓይነተ ቫይረስ ኦሚክሮን ተለኺፎም ክኾኑ እዮም ዝብል ጥርጣረ ምስ ዝህሉ ዝግለሉሉ ግዜ ናብ 7 መዓልታት ነናውሖ ኣለና።
- ዓይነት ቫይረስ ኦሚክሮን ክህልዎም ይኽእል እዩ ዝብል ጥርጣረ ክህሉ ከሎ ነቲ ልኹፍ መናብርቱ ብምዃኖም ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ምቅርራብ ስለ ዘለዎም ከም መቃርብቲ ዝምደቡ ሰባት ን10 መዓልታት ኣብ ውሸባ ለብዒ ክውሸቡ ክግደዱ እዮም። እዚኣቶም ውሸብኦም ክይወድኡ መርመራ-PCR ብዝቐልጠፈ ክገብሩን ኣብ 7ይ መዓልቶም ክገብሩን ግዴታ ኣሎዎም።
- እቶም ከም ካልኦት መቃርብቲ ዝቐጸሩ መልከፍቲ ኦሚክሮን ኣጋጢሙ ክኸውን ይኽእል እዩ ዝብል ጥርጠራ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ክምርመሩ ግዴታ ኣሎዎም። ብዝቐልጠፈ መርመራ-PCR ክገብሩ ኣሎዎም፡ ከምኡ’ውን ምስቲ ልኹፍ ካብ ዝቐርቡ ኣትሒዙ ዝቐጸር ኣብ መንጎ 3ይን 7ይን መዓልቶም ከኣ ክምርመሩ ኣለዎም። እንተተኻኢሉ ድማ ክሳብ ካብ ቀዳመይቲ መርመራ ኣሉታዊ ውጽኢት ዝመጾም ምስ ካልኦት ምቅቅራብ የወግዱ።
- ብምሉኦም እዞም ስጉምትታት ኩነተ-ክትበት ብዘየገድስ እዮም ዝምልከቱና።
- ጸኒሑ እቲ ዓይነት ቫይረስ ኦሚክሮን ከምዘይኩነ እንተደኣ ተረጋጊጹ እዞም ግዴታታት ይእለዩ እዮም።

እዞም ስጉምትታት ኣብ ግብሪ ውዒሎም ኢዮም፡ ኣብ ርእሲ እቶም መንግስቲ ንቀዳም ለይቲ ዘውግሕ [ንኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾ ዝምልከቱ ስጉምታት/innreisetiltakene] ዘተኣታተዎም ኢዮም ተኣታትዮም ዘለዉ።

–እዚ ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ እቶም ቀዳማይን ካልኣይን መራፍእ ክታበት ዘይተወግኡ ሰባት ብቕልጡፍ ከምዝኽተቡ ምግባር ኣድላይነቱ የስምረልና ኣሎ፡ ከምኡ’ውን ነቶም ዝግብኦም ሰባት ክታበት ዳግመ-ሕደሳ ምሃብ። ዕማም ክትበት ግድን እዩ ቀዳምነት ክወሃቦ ዘለዎ ትብል ሚኒስተር ቫርኮል።

- **Definisjon av "husstandsmedlemmer og tilsvarende nære" (FHI)/**መረዳእታ ’’መናብርትን ተመሳሳሊ መቃርብቲ ’’